16/03/2013

## ናይ ሓበንን ጽንዓትን ደገፍ ንኤርትራዊ ማሕበረኮም ኣብ ሃገረ ሽወደን ካብ ከሎም ኤሪትራውያን ጥርናፈታት ኤርትራውያን ማሕበረሰብን ደቡባዊ ምብራቅ ኣመሪካ፡፡

## ኣትላንታ፡ሻርሎት፡ኒውኦርሊኣንስ፡ታምፓ፡ጃክሰንቪል፡ማያሚ፤

ባህርን ባህልን ህዝቢ ኤሪትራ ንዘይፈልጡ ተጻባእቲ፡ ናይ ንዱያት ስጉመቲ ወሲዶም ነቲ መጽለልን መምሃሪ ባህሎም ዝጥቀሙሉ ኣዳራሽ ኤርትራውያን ዑና እንተገበሩዎ ኺኖ ዘይምፍላጥ ሓጺናዊ መንፈስ ኤርትራውያን ካልእ ትርጉም ኣይንህቦን።
ነዛ ብሰንሰለት ናይ ታንኪ እናተረግጸት ኣብ ሽዕብ ኣለኩ ዝበለት ኣደ ንምብህዳል(ንምስንባድ) ድዩ ተሓሲቡ? ወይስ ነዛ መስዋእቲ ሹዱሽተ ደቃ ተነጊረሩዋ ብጽንዓት ተቀቢላ ዝሰገረት ኣደ በዚ ከብዳ ንምግምጣል? በዚ ኮይኑ በቲ፡ ህዝቢ ኤርትራ እሳተጎመራ እናተካዕዎ ዘምጻ ሃገር ኟና ዓደማቱ ኣፍሪሰ ክብህድሎ እየ፡ ኩሉ ድሑር መስፍናዊ መፈላለይ ማለት ሃይማኖት፡ ወገን፡ ዓሌት፡ ኣውራጃ ወ.ዘ.ተ ተጠቂመ ክበታትኖ እየ፤
"ንሰብኣዊ መሰል ዝጣበቁ በዓል ቢንሰን ፡ማርትንፐላውት፡ ዳንኮኔል" ንምብታን ህዝቢ ኤርትራን ታሪክ ንድሕሪት ንምምላስን ተልእኮ ሒዞም ዝሰርሑ ዘለዉ ተኮልኺለ ኩነታት ግብጺ፡ልቢያ፡የመን፡ሶርያ፤ ኣብዚ ብጭውነቱ ዝልለ ኩቡር ህዝቢ ክደግሞ እየ፡ወ.ዘ.ተ ኢሉ ዝሓስብ ደመኛ ጸላኢ እንተልዩ።
መልስና ሓንቲ እያ መልክዕን፡ ጽባቀን፡ ሓይልን፡ ኣስሓኮን፡ ተኣምራታዊ ስራሕን፡ ድንቂ ተግባራትን ናይ ህዝቢ ኤሪትራ ተኮሊያም ዝርኣዩ ኣብቲ ዝጸንከረ እዋን እዩ።
ስለዚ ነቶም ኣንፈት ክድዓት ሒዞም ዘዕለብጡ ዘለዉ ዛጊት ኺኖ ምስትብሃል ካልእ ስጉምቲ ስለዘይወሰደ ኣይትጋገዩ ንብል፡፤

## ኣብ መጨረሽታ ነዘን ዝስዕባ ነጥብተት ከነስምረለን ንደሊ።

1፡ እዚ ኣብ ሃገረ ሽወደን ዝተፈጸመ ግዕዙይ ፍጻመ፡ ናይ ዝኮነ ኤርትራዊ ስራሕ ከምዘይኮነ፡ ናይቲ ደመኛ ጸላኢና ጉጅለ ወያነ ከምዝኮነ ኣረጋጊጽና ንፈልጥ። ኣብዚ ደረጃ ዝወረደ ወይጦ ኤሪትራዊ እንተልዩ ድማ ማዕረ እቶም መቃብር ሰማእታትና ዝፈሓሩ ወያነ ከምህዝቢ ክንጸባጸቦ ከምዝኮና ነፍልጥ።
2፡ ነዛ ብዘይ ዓስቢ በጃ ኮይኖም ሰማእታት ዘረከቡና ዓዲ ብዘይ ጥልመት፡ መጀመርያ ግቡኡ ብምፍጻም፡ውሻጥኡ ከየፍረሰ፡ ዝመስሎ ከጸብቅ፡ ክነቅፍ፡ ክእርም፡መሰል ናይኩሉ ኤርትራዊ እዩ ኢልና ንኣምን። ካብዚ ወጻኢ ግን
እቶም መንግስቲ ነቶም ሃገር ዝሕልው ሰራዊትን ካልእን ኣወንዚፉ ናይ ሕጊ፡ ናይ ጋዜጠኝነት ትምህርቲ ዘምሃረኩም ሓደ ክልተ ኣብ ጉዕዞ ክድዓት ትርከቡ፡ ካብ ዓይኒ ህዝቢ ኤርትራ ዝክወል የለንሞ ልቢ ይሃብኩም ንብል።
እቶም ሰራዊት ኤርትራ ዳርጋ ኩሉ ጀነራል ከምዝከነ፡ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ዳርጋ ኩሉ ኣምባሰደር ሃገሩ ከምዝኮነ እናፈለጥኩም ኣነ ከምዚ ኔረ፡ ዶሮና ዝዓይነቱ ዘረባ፡ ዘይ ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ እናተጠቀምኩም ወገንነት ትጽይፉ ትመስሉሞ፡ ብወገንነት ሰባት እናወንጀልኩም ብክልተ ብልሒ መላጸ ክትጥቀሙን ጽዩፍ ኣውራጃዊ ኣተሓሳስባ ክትጸፍዩ ትፍትኑ፡ ነቲ ፈተነ ጥፍሽና፡ ኣቲ ሙሉእ ሂወትካ ምስ ጀጋኑ ዝወዓልካዩ ምብላል ድማ ምዝንባል ሓንጎልን ናይ የእምሮ እርጋንን ጥራይ አዩሞ ነብስኩም ፈትሹ ንብል። ህዝቢ ኤርትራ ክልተ ግዜ ኣይጋገን እዩ ይኣክል ሓመምሳታት።

እቶም ንቅዋም ኤርትራ ኣብ ካናዳ ኬድኩም ምስ ጸዓዱ ክትቅይሩ ፈተነ ዝገበርኩም ውን ተዓዚብና፡ ኣብ ምሉእ ሂወትካ ክንጸባረቅ ዝጸንሐ በቲ ማሪታዊ እምነት ከርበ ወይ ዛርቲ(Super Ego) ድሕሪ ውዱ 80 ዓመት ምኳን ብከምዚ እንተተዛዘመ ንመን ይገርሞ፧ ኣብ መጨረሽታ ምስ ምሉእ ክብረት መሰሎም፡ እቶም ኤርትራውያን ኢና በሃልቲ በደሎም ኣብልዕሊ እዚ መዳርግቲ ዘይብሉ ህዝቢ ልጓም ክገብሩሉ ንጽውዕ፡ ማሕበረኮም ሽወደን ብጥርናፈኩም ኣብ ሃገራዊ ዕማም ከም ኣብነት ኣብርእሲ ምርኣይና ነቲ ብመንግስቲ ሽወደን ዝገጥመኩም ዘሎ ብድሆታት ገጢምኩም ከምትስዕርዎ ኣይንጠራጠርን።

በዚ ኣጋጣሚ ኤርትራውያን ማሕበራትን ኤርትራውያን ማሕበረሰብን ደቡባዊ ምብራቅ ኣመሪካ፡፡ ኣትላንታ፡ሻርሎት፡ኒውኦርሊአንስ፡ታምፓ፡ጃክሰንቪል፡ማያሚ፧ ኣብ ጎንኹም ደው ኢልና ካባና ዝሕተት ንምግባር ድልውነትና ብሓበን ንገልጸልኩም።

ኤርትራውያን ደቡባዊ ምብራቅ ኣሜሪካ

ዓወት ንሓፋሽ!!